# ምስክርነት ዕረፍቲ ሓዋርያ ናትናኤል

www.debresahl.com

1. ናትናኤል ሓዋርያ ብኤጲስቆጶስነት ብዙኅ ዓመታት ናብታ ዘይትከአል ዓዲ ኢየሩሳሌም ስለዝተቐመጠ ብዙዓት ሰባት አእመነን አጠመቐን 4ተ አቢያተ ክርስቲያናት እዉን አሕነጸ። ብድኅርዚ ዕድሚኡ 120 ዓመት ማስኮነ ነተን ዘሕነጸን አቢያተ ክርስቲያናት፤

- ብስም ኢየሱስ
- ብስም እግዝእትነ ማርያም
- ብስም ቅዱስ ሚካኤል
- ብስም ቅዱሳትን ሓዋርያት ሰመየን።

2. ካብዚ ቀጺሉ ኢምነት ክስርስቶስ አሥፍሕፍሐ እምነት ኦሪት (አይሁድ) እናወደቐ ስለዝኸደ ከአ ናብ እንድርያስ ዝተባህለ ንጉሥ ከሲሶም አቕረብዎ።እቲ ንጉሥ ድማ ገጹ ምስ ረአየ አንታ መሠረዩ ነዛ ዓዲዶ ክትህዉኽ መጺእካ፣ ኢሉ ተቐጢዑ አዋረዶ። ቅዱስ ናትናእል ድማ ተመሳሲሉ ክነብር ስለዘይደሊ ነቲ ክነብራ ዝሓሰበ ፈቲየ ዝአተኽዎ ስለዝኾነት ዝፈርሆ ነገር የብለይን ግጺ ኢሉ ኮይኑ፣ ኩነታቱ ርእይ አቢሉ ይእዜሰ እፈቅድ እክዓዉ ደምየ በእንተ ስሙ ለእየሱስ ኢሉ ነቲ ንጉሥ አንታ አብዲ አዕምሮ ዘይብሉ እንታይ እዩ በደሉ ኢልካ ከይሓተትካስ ናይ ሞት ፍርዲ ክትህብ ተዳሊኻ፣ ኢሉ አብ ቅድሚ እቲ እኩብ ሕዝቢ አዋረዶን አሕፈሮን። ሚራ.11፥7።

3. እቲ አረመኔ ንጉሥ ከአ ርእሱ እቲ ካብ ከስስቱ ዝሰምዖ ክስ አብ ቅድሚ ፈተዉቱን ስለዘዋረደን ካብ ቃሉ ዝሰምዖ ዉርደቱን ዘከሩ፣ ሕጂ ካብ ቅድመይ ወሲድኩም ገሪፍኩም ናብ መስቀል ሰቐልዎ ኢሉ ፈሪዱ ንወታሓደራኣቱ አዚዙ ሃቦም፣ እቶም ዝተአዘዙ ወታሓደራት ድማ ከም ዝተአዘዝዎ ገሪፎም ሰቐልዎ። ስማዕትነቱ በዚ ተፈጸመ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን፥ አሜን።

ሰላም ለከ ናትናኤል ዘቃና።
እሥራኤልዊ ንጹሐ ሕሊና።
ሓዋርያ ሓዲስ ሠናየ ርስዕና።
በረከትከ ለሕዝብከ መንገለ ይትፈቀድ ፍና።
ከመ ዝናማተ ይክኡ ደመና።

ሰንክሳር 10 ሓምለ ተመልከት።